familie.asyl.net
Informationen zum Verfahren der Familienzusammenführung

Informationsverbund
ASYL & MIGRATION

# ምልክታ (ናይ ጹሑፍ ዝርጋሐ) ብዛዕባ ስድራ-ቤታዊ ምትእኽኻብ

ዝተዘርጋሓሉ: መጋቢት 2018

## ስድራ ቤተይ ናብ ጀርመን ከምጽኦም ይኽእልዶ?

ስድራ-ቤታዊ ምትእኽካብ፣**ክልተ ዝተፈለየ መስርሕ** ኣለዎ። ኣየናይ መስርሕ ንዓኻትኩም ይምልከትን ንምፍላጥን፣እቲ ቀንዲ ዝኾነ ሕቶ ንምምላስ ኣገዳሲ ዝኽውን ክኣ፣ ስድራ-ቤትኩም ኣብዚ እዋን ኣበይ ይቕመጡ ኣለዉ ዝብል እዩ።

- እቲ ቀዳማይ መስርሕ እቲ **(1.) ናይ ቪዛ-መስርሕ** እዩ። እዚ ኣበየናይ ሃገር ስድራ-ቤታትኩም ይቕመጡ ኣለዉ ብዘየገድስ ከም ሕቶ (ወይ ከም ኣርእስቲ) ክለዓል ይኽእል (→ ኣብ ገጽ 2 ተመልከት)።
- እቲ ካልኣይ መስርሕ ክኣ **(2.) ናይ ዳብሊን-መስርሕ** እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ ከም ሕቶ (ወይ ከም ኣርእስቲ) ዝለዓል፣ እንተ ድኣ ስድራ-ቤታትኩም ድሮ ኣብ ሓንቲ ኤሮጳዊት ሃገር ኣትዮም ሃልዮም እዩ (→ ኣብ ገጽ 3 ተመልከት)።

እቲ ሕግታትን ቅጥዕታትን ንናይ ስድራ-ቤት ምስሓብ (ምስዓብ) ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ስለዝኾነ፣ ኣብ'ዚ ሓጺር ጽሑፍ ኣብ ዝርዝርን ኣብቲ ክስዕብ ዝኽእል ሽግራትን ኣቲና ኣይክንዛረብን ኢና። ምእንቲ እቲ ቅጥዕታት ኣጸቢቕኩም (ግርም ጌርኩም) ንኽትርድእዎን ክግለጻልኩምን፣ወይ ናብ ኣማኸርቲ ኣካላት፣ወይ ክኣ ናብ ጠበቓታት ኬድኩም ናይ ግድን ክትውከሱ ብትሕትና ንሓትተኩም።

## ንኣየኖት ስድራ-ቤታዊ ወገናት'የ ናብ ጀርመን ከምጽእ (ክስሕብ) ዝግባኣኒ?

- እንተድኣ ስድራ-ቤትኩም **ዛጊት ኣብ መበቆል-ሃገርኩም** ወይ ክኣ ኣብ ሓደ ካብ ኤሮጳዊ-ሕብረት ወጻኢ ዝኾነ ሃገር (ንኣብነት ቱርኪ ሰርቢያ) ኣለው ኮይኖም፣ ስድራ-ቤትኩም ፣ንበዓል ቤትኪን፣ንበዓልቲ-ቤትካን፣ከምኡ'ውን ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ዘይተመርዓዉ ቆልዑ ጠራይ ንኽትስሕቡ መሰል ኣለኩም። ትሕቲ-ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑ ክኣ ስድራ-ቤቶም ንምስሓብ (ናይ ምምጻእ) መሰል ኣለዎም።ካልኦት ኣዝማድ (ንኣብነት ሓፍቲ፣ሓትነ/ኣሞ፣ኣኮ/ሓወቦ) ኣብ ፍሉይ ዝኾነ ኩነታት ጠራይ ክትስሕብዎም ትኽእሉ።
- እንተድኣ ስድራ-ቤትኩም **ዛጊት ኣብ ሓደ ኤሮጳዊ-ሃገር መጺኦም ሃሊዮም፣** በቲ መስርሕ መሰረት፣ ጎኒ-ንጎኒ በቲ ናይ ዳብሊን-ኣገባባት ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓድሕድ- ምጽንባር ናይ ሰብ-ሓዳርን ቆልዑን፣ ናይ ስድራ-ቤት ምጽንባር ምስ ካልኦት ባእታታት'ውን (ልዕሊ-ዕድመ ቆልዑ፣የሕዋት፣ሓትነታት/ኣሞታት፣ሓወቦታት/ኣኮታት) ተኽእሎ ኣሎ።

## ኣየናይ'ዩ ንዓይን ንኣባላት ናይ ስድራ-ቤተይን ግቡእ ዝኾነ መስርሕ?

**1. እቲ ናይ ቪዛ-መስርሕ: ኣባላት ናይ ስድራ-ቤትኩም ኣብ መበቆል ሃገርኩም ድዮም፣ ዋላ ኣብ ካልእ ሃገር ወይ ክኣ ኣብ ኤሮጳ እዮም ዘለዉ**

ንኣባላት ናይ ስድራ-ቤትኩም ብናይ ቪዛ መስርሕ ናብ ጀርመን ከተምጽእዎም ትኽእሉዶ ኣይትኽእሉን ንዝብል፣ እቲ ወሳኒ ኣብ ናይ መቐመጢ ወረቐትኩም እዩ ዝምርኮስ። እዚ ኸኣ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ምልክታ ክበርህ እዩ።

| ደረጃ | መቐመጢ ወረቐት | ስድራ-ቤት ንምምጻእ ዘሎ ተኽእሎ |
|---|---|---|
| ናይ ሁቕባ-መሰል ወይ<br>ናይ ፍልሰት-ደረጃ | ናይ መቐመጢ-ፍቓድ (Aufenthaltser-laubnis)<br>ብመሰረት ዓንቀጽ 25 እዝባር 1 ወይ ዓንቀጽ 25 እዝባር 2 ገጽ 1 ናይ መቐመጢ ሕጊ<br>(nach § 25 Abs. 1 AufenthG oder § 25 Abs. 2 S. 1 Alt. 1 Aufenthalts-gesetz (AufenthG)) | እቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣባላት ናይ ስድራ-ቤትኩም ንኽተምጽእዎም መሰል ኣለኩም።<br>**ኣገዳሲ**! ናይ ግድን **ኣብ ውሽጢ** 3 **ኣዋርሕ** ድሕሪ ብናይ ፍልሰት -ደረጃ ተቐባልነት ምርካብኩም ኣብዚ ጠዊቕኩም www.fap.diplo.de ስድራ ናይ ምምጻእ (ምስሓብ) ድሌትኩም ከተመልክቱን ከም PDF ከዚንኩም (save ጌርኩም) ክትሓትሙዎን (ማለት print) ክትገብርዎን ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ፣ ንናትኩም ናይ ደቂ ወጻኢ - ጉዳይ ሰበ-ስልጣናት፣ ስድራ-ቤትኩም ከተምጽኡ (ክትስሕቡ) ምልክታ (ሕቶ) ከተቕርቡ ከም እትደልዩ፣ ብጽሑፍ መልክዕ ክትሕብርዎም ይግባእ።<br>ምእንቲ ናይ ቪዛ-መስርሕ ክትጅምሩ፣ እቶም ኣባላት-ስድራ-ቤትኩም ናብ'ቶም ዝምልከቶም ናይ ጀርመን ኤምባሲ ኣቐዲሞም ቆጸራ ክገብሩ ኣለዎም። ነዚ ብዝምልከት ኣብዚ ዝስዕብ ብምጥዋቕ https://service2.diplo.de/rkter-min/extern/ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።<br>ከምልሙድ ቆጸራ ንምግባር ኩላቶም ኣባላት ስድራ-ቤታትኩም ፓስፖርትን (ወይ ክኣ ካልእ ናይ ታሴራ ወረቐት)፣ ቁጽሪ ተሌፎንን ከምኡ'ውን ናይ ኢሜል-ኣድራሻን (E-Mail-adress)የድልዮም እዩ። |
| Subsidiärer Schutz: subsidiary<br>ናይ ስደተኛ-መሰል ዘይብሎም ግን ደገፍ (ረድኤት) ዘድልዮም ሰባት | ናይ መቐመጢ-ፍቓድ<br>(Aufenthaltserlaubnis)<br>ብመሰረት ዓንቀጽ 25 እዝባር 1 ወይ ዓንቀጽ 25 እዝባር 2 ገጽ 1 ናይ<br>(nach § 25 Abs. 2 S. 1 Alt. 2 AufenthG) | እቲ ስድራ-ቤት ናይ ምስሓብ፣ ንናይ ደገፍ (ረድኤት) ዝግብኦም ውልቀሰባት ኣብ መጋቢት 2016 ተሰሪዙ እዩ። ካብ ግንቦት 2018 ጀሚሩ፣ ወርሓዊ 1000 ኣባላት ስድራ-ቤት ናይቶም ብናይ ደገፍ-ምክልኻል ዝነብሩ ኣካላት ናብ ጀርመን ክኣትዉ ይግብኦም እዩ።<br>ኣባላት-ስድራቤታትኩም ድሮ ካብ ሕጂ ኣብ ገለ ኤምባሲታት ቆጸራ ንምርካብ ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም።<br>ኣብ ርእሲኡ ናብ ጀርመን ምእታው፣ ብፍሉይ ኩነታት፣ ብ „ብህጹጽ ሰብኣዊ ምኽንያታት" ክፍቀድ ይከኣል እዩ። ነዚ ዝምልከት፣ ንዝያዳ ሓበሬታታት በጃኹም ናብ ናይ ምኽሪ-ቦታታት ኬድኩም ተወከሱ። |
| ናይ ምስጓግ-ምኽልካል (Abschie-bungsverbot) | ናይ መቐመጢ-ፍቓድ<br>(Aufenthaltserlaubnis)<br>ብመሰረት ዓንቀፅ 25 እዝባር 3<br>nach § 25 Abs. 3 AufenthG | እንተድኣ ፍሉይ ምኽንያታት ኣለኩም ኮይኑ ጠራይ ኢኹም ንስድራ-ቤትኩም ናብ ጀርመን ክትስሕብዎም ትኽእሉ።<br>ኣብርእሲኡ ናይግድን እኹል መቐመጢ ገዛን ከምኡ'ውን ንዓኹምን ነቶም ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን ዉሑስ ዝኾነ መነባብሮ ከምዘለኩም ከተረጋግጹ ክትክእሉ ኣለኩም። ንዝያዳ ሓበሬታታት በጃኹም ናብ ናይ ምኽሪ-ቦታታት ኬድኩም ተወከሱ። |
| ግዜያዊ መቐመጢ ወረቐት<br>(Duldung) | ግዜያዊ መቐመጢ ወረቐት<br>ብመሰረት ዓንቀጽ 60a<br>nach § 60a AufenthG | ስድራ-ቤትካ ናብ ጀርመን ከተምጽኦም ኣይትኽእልን ኢኻ። |
| ናይ ዕቑባ ሕቶ ምስ ኣቕረብካ ዝወሃብ መጻንሒ- (Aufenthaltsgestat-tung) (ኣብ እዋን ናይ ሁቕባ-መስርሕ) | ናይ ዕቑባ ሕቶ ምስ ኣቕረብካ ዝወሃብ ናይ መጻንሒ-Aufenthaltsgestattung)<br>ብመሰረት ዓንቀጽ 55 ናይ ሁቕባ-ሕጊ<br>nach § 55 Asylgesetz | ናይ ሁቕባ-መስርሕኩም ዘይተወድአ እንተድኣ ኮይኑ፣ንስድራ-ቤትኩም ብናይ ቪዛ-ኣገባብ ናብ ጀርመን ክትስሕብዎም ኣይትኽእሉን ኢኹም።<br>ብናይ ዳብሊን-መስርሕ ግን እዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ (ኣብ ታሕቲ ተመልከት)። |

## 2. ናይ ዳብሊን-ኣገባብ፡ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ዛጊት ኣብ ውሽጢ ሓደ ኣብ ኤሮጳ ዝርከብ ሃገር ኣለዉ

እንተድኣ ስድራ-ቤትኩም ዛጊት ኣብ ውሽጢ ሓደ ኣባል-ሃገር ናይ ኤሮጳዊ-ማሕበር ወይ ኣብ ዝዊዘርላንድ፣ ኣብ ሊሽተንሽታይን፣ ኖርወይ ወይ ክኣ ኣብ ኣይስላንድ ኣለው፣ ናይ **ስድራ-ቤታዊ-ምጥርናፍ (ምትእኽኻብ) ብመሰረት ናይ ዳብሊን-ኣገባብ** ክርአ ይከኣል እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ ሓባራዊ-ምትእኽካብ ምስ ስድራ-ቤትኩም ዘኽእለኩም፣ድሮ ናይ መቐመጢ-ወረቐት ምስ እትውንኑ ጠራይ ዘይኮነስ፣እንታይ ድኣ፣ ገና ኣብ ናይ ዑቕባ-መስርሕ እንከለኹም እዩ።

- ንናይ ስድራ-ቤታዊ-ምትእኽኻብ ብመሰረት ናይ ዳብሊን-ኣገባብ ሓላፍነት ትስከም ኤምባሲ ናይ ጀርመን ዘይኮነትስ፣እንታይ ድኣ፣ እቶም ስድራ-ቤታትኩም ዝርከቡለን ናይ ኤሮጳ ሃገራት ናይ ዑቕበኛታት ሰበ-ስልጣን እዮም። ምእንቲ እቲ መስርሕ ክጅምርዎ፣ ስድራ-ቤታትኩም ናይ ግድን ኣብ'ቲ ዘለዉዎ ሃገር ናይ ዑቕባ-ምልክታ (ሕቶ) ክቕርቡ ኣለዎም ከምኡ'ውን ኣቕዲሞም ሓበሬታ ክህቡ ኣለዎም፣ ናባኹም ናብ ጀርመን ክግዕዙ ከም ዝደልዩ።
- ብዛዕባ ናይ ዳብሊን-ኣገባብ ንምፍላጥ ሓበሬታታትን ሓገዝን እንተ ድኣ ደሊኹም ናብ ናይ ምኽሪ-ቦታታት ተወከሱ ኢኹም። በጃኹም ቅዳሕ ናይ ታሴራኹም ተማልኡ ኢኹም (Aufenthaltsgestattung ወይ Aufenthaltserlaubnis) ከምኡ'ውን ቅዳሕ/ስእሊታት ታሴራታት፣ ናይ'ቶም ኣብ ኣብ ካልእ ኤሮጳዊ-ሃገር ናይ ዑቕባ-ሕቶ ቀሪቡ ዘሎ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም።

### ኣበይ ምኽሪ ክረክብ ይኽእል፣ እንታይከ ሒዘ ክመጽእ ኣለኒ?

ብዙሓትን ነጻን ዝኾና **ናይ ምኽሪ-ቦታታት** ኣለዋ። ኣብዚ ብምጥዋቕ https://adressen.asyl.net ኣድራሻታት ናይተን ኣብ ጥቓኹም ዝርከባ ናይ ምኽሪ-ቦታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እተን ናይ ምኽሪ-ቦታታት ኣብ ዝተወሰነ ሰዓታት ድየን ዝርርብ ዘፍቅዳ፣ ወይ ክኣ ቆጸራ ክትገብሩ ግድን'ዩ ንኽትፈልጡ፣ በጃኹም ኣቐዲምኩም ተወከሱ። ክትርጉመልኩም ዝኽእል ሰብ ኣሎ ድዩ ዋላስ ሓደ/ሓንቲ ተርጓሚ/ት ሒዝኩም ክትከዱ ኣለኩም ንኽትፈልጡ ክኣ በጃኹም ኣቐዲምኩም ኣረጋግጹ።በጃኹም ናብ'ቲ ናይ ምኽሪ-ቆጸራ **ኣድለይቲ ዝኾኑ ዶኮሜንትታት (ወረቓቕቲ)** ሒዝኩም ኪዱ - እቶም ኣገደስቲ ወረቓቕቲ፣እቶም ካብ ናይ ጀርመን ሰበ-ስልጣናት ዝተወሃብኩሞም ኮይኖም፣ እዞም ዝስዕቡ እዮም( Aufenthalts-gestattung, Aufenthaltserlaubnis ከምኡ'ውን ካልእ ተመሳሳሊ)።ብተወሳኺ ዶኮሜንትታት ናይ ስድራ-ቤትኩም (ንኣብነት፣ ቅዳሕ ናይ ፓስፖርትታት/ታሴራ/ናይ ስድራ-ቤት ወረቐት ምስክር ፣ ወይ ክኣ ሰርቲፊኬት) ምምላእ (ምምጻእ) ኣገዳሲ እዩ።

Herausgegeben von:
Informationsverbund Asyl und Migration e.V.
Greifswalder Str. 4
10405 Berlin
www.asyl.net
www.fluechtlingshelfer.info

Das Informationsportal familie.asyl.net wird gefördert von UNHCR.